# <u>ዘሕዝን ፍጻመ---ሓደጋ ማእከላይ ባሕሪ</u>

## ፈተነ ምህሙን፡ፖለቲካዊ ድራማን!

መበገሲ ናየ'ዚ ጽሑፍ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኣትላንታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ብዕለት 10 ሚያዝያ 2011፡ብምኽንያት ናይ'ቶም 325 ስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ሊብያ ዘጋጠመ ናዕቢ: ሂይወቶም ከድሕኑ ብጃልባ ማእከላይ ባሕሪ ሰነጢቖም ንኤውሮጳ ክሳገሩ እንከለዉ፡ ብዘጋጠሞም ሓደጋ ሂወቶም ዝሰኣኑ ዜጋታት፡ ብኣባ መቃርዮስ ዝብሃሉ 'ፈላሲ' (ቀደም፡ ብኣባ ጴጥሮስ ዝፍለጡ) ዝምራሕ 'ጸሎት ፍትሓ ንመወቲ፡ ምጽንናዕ ንስድራ መወቲ' ብዝብል ጉልባብ፡ ዝተገብረ ምትእኽኻብ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ኣዳራሽ ዝተረኽቡ ሰባት ብቐጥታ፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዝርከብ ድማ ብቪድዮ ተቐሪጹ ዝተፈነወ: ዘሕፍር ትሕዝቶ-ኣልቦ ምርኢት ፖለቲካዊ ድራማ፡ ግቡእ ዳህሳስ ንምሃብን፡ ነቲ ምህሙን ትሕዝትኡ ድማ፡ ንኽቃላዕ ካብ ዝብል መንፈስ እተበገሰ ጽሑፍ እዩ።

ኩሎም እቶም ኣብቲ መድርኽ ዘውደኽድኹ ዝነበሩ ተሓጋገዝቲ 'ኣክተራት' ወሲኽካ፡ ካብ ነንሕድሕድ ዝገደዱ ኮይኖም እምበር፡ ኣባ መቃርዮስ፡ ነቲ ዝህውጾም ዘሎ ሕዱር ፖለቲካዊ ቓንዛን ጽልእን፡ ብዘይ ሕብእብእ፡ ከም ዝኾነ ተራ ሰብ፡ ምስ 'መስቀልን መጽሓፍ ቅዱስን' ከይጸናበሩ፡ ብቐጥታ ክብልዎ ዝደልዩ ክብሉ፡ ምኽኣሉ ነይሮም፡፡ እቶም ዝጠቐስናዮም ቕሸነቶም ዝሓሸሹ እንተኾኑ፡ ሞባእ ከኻዕበቱ፡ የብልዕ እዩ ዝብልዎ ዝኾነ ነገር ንኽገብሩ ስራሕና ኢሎም ተታሓሒዞሞ ዝጸንሖ ጥበባት ስለ ዝኾነ፤ ንኽም'ዚ ዓይነት ውራይ ከሳስዩ ምርኣይ፡ ካልእ ውራይ ኣይጸንሖምን።

ብመጀመርያ፡ እዞም ህይወቶም ዘጥፍኡ ዜጋታትና ንዘጋጠሞም ሓደጋ፡ ንምሉእ ኤርትራዊ፡ ኩነታታ ኣዋጽኦኦምን ዕድሚኦምን እምነቶምን ብዘየጋድስ፡ ኩሉ ኣእምሮ ዘለዎ ፍጡር፡ ነዚ ዘጋጠሞም ሓደጋ ዝኾነ ይኹን ምስምስ ዝህበሉ ኣካል ከምዘየሎ ፍሉጥ ኮይኑ። ብርሕራሐን ሰብኣውነትን ክርአ እንከሎ ዘሕዝን ትራጀዲ እዩ፡፡ ብድሕሪ ሐጇ ክድገም ከምዘይብሉ እውን ኩለ ዝጽልየሉ ኣሰቃቂ ምኳኑ ርዱእ ኾይኑ፤ ንኤርትራና ዓቢ ክሳራ፡ ብፍላይ ድማ ነቶም ዝወለዱን ኮስኩሶም ዘዕበዩን። በዚ መሰረት ዝኾነ ኣካል ወይ ወገን፡ ክወራዘየሉን፡ ንሃልኪ ንሕሱር ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ፕሮፓጋንዳዊ ክግብሮ፡ ምስ ጓኖት መፋተዊ፡ ንእትውግኖም ኣካላት ጽልእኻ መኽረሪ፡ ዝያዳ መጻልእቲን ሰዓብትን ንኽተጥርየሉ መሳርሒ ክኾነካ ዝግበር ፈተነ ፡ መግለጺ ናይ ሞራላዊ ንድየትን ዕርበተ ሕልናን ድኣ እምበር ናይ ጥዑይ ሕልናን መርኣያ ኣይኮነን።

እዚ ሕማቕ ሓደጋ'ዚ ዘጋጥም ዘሎ፡ ሕጂ ንመጀመርያ ግዜ ዝተኸስተ ጸገም ኣይኮነን፡ ኣብ ማዕሙቕ ውቅያኖስ ሂወቶም ብኽንቱ ብጃምላ ስጥመት ዘጓንፎም፡ ድራር ዓሳ ዝኾነ ሬሳታት፡ ኣብ ሑጻታት ምድረበዳ ሰሃራን-ሲናይን ዝተቐብሩ፡ ቀለብ ኣሞራን ኣዛብእን፡ መጻወቲ በደዊን ዝኾና በራውር ኣዋልድና፡ ወረታት ክቃላሕ ዝስማዕ ዘሎ ሓድሽ ኣይኮነን። ኣብዛ ዓለም እናራኣየን እናሰምዐን ኣለኹ ዝብል ፍጡር፡ ንኣእዛኑ ሓድሽ ሕሽኹታ እኮ ኣይኮነን፤ እዚ ብተደጋጋሚ

ንዓመታት ክእወየሉ ዝጸንሐ ዘሕዝን ፍጻመ፤ እዞም ‘ፈላሲ’ ሎሚ ውዑይ መርድእ ዝኾኖም ንኽመስሉ፡ ካብ’ቲ ዝዕቖቡሉ ሕቡእ በዓቲ ‘ገዳም ግብጻውያን’ ከተማ ኒው-ጀርሲ (New Jersey USA) ንርኣዩለይ ጸርርታ ንብዓት እናነብዑ፡ ንኣትላንታ ተጓይዮም። ክጽበይዎ ዝጸንሑ ኣጋጣሚ እዩ ዝመስል፡ ምኽንያቱ መኸሰባቱ ንተፈላጥነቶምን ተቐባልነቶምን ከዕዝዙ ዘኽእል ሓጋዚ ኩነት ስለ ዝነበረ፡፡

እቲ ቅዳሕ ናይ’ቲ ቪድዮ፡ ብኡ-ንብኡ ኣብ ተለቪጅን ኢትዮጵያን ብቐጥታ ክፍኖ እንከሎ፡ ካልኦት ብወይን ዝምወላ መርብበ ሓበሬታትን ረድዮ ማዕከናትን ድማ ብቕልጡፍ ክዝርጋሕ፡ ከም ኣቓሓ ዕዳጋ ክቀባበልሉ ክሻመውሉ ምርኣይ፡ እቲ ተበግሶ ሰብኣዊ ሓልዮት ከምዘይነበሮ ድማ ዝ..ያ..ዳ ኣረጋጊዎ። ዜጋታተይ ንእትብሎም ፍጡራት፡ ብሬሳታት ሰብ መነገዲ ኽትግልገለሉ?፡ እቲ ሕስረቶም ጫፍ ከምዝበጽሐ የረድኣና።

“ኣናፍራ ቖቛሕ ዘይፈልጥ ኣይሃዳናይን” ከም ዝብልዎ ኣበዋት፡ ልክዕ’ዩ፡ እዚ ዋዜማ እዚ ስኽ ኢሉ ንበይኑ ተነጺሉ ዝተቐልቀለ ሃንደበታዊ ተርእዮ እውን ኣይነበረን። እዚ ጉዳይ’ዚ ምስ ናይ ግዳም ሓይልታት ኣጀንዳ ሓፈሻዊ ምትእስሳር ዘለዎ፡ ንናይ ካልኦት ኣህዛብ ነውጺ፡ ከም ‘ጽቡቕ ኣጋጣምን ኣብነትን’ ተጠቒምካ፡ ንሕልምታቶም መዳሃሃሪ፡ ደኾን እኾነልና ተባሂሉ፡ ምስ’ዚ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ምስ’ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝፋን ተቛጻጺሩ ዘሎ ብስድራ-ቤት ዝእለ ማፍያዊ መንግስቲ፡ “ንመንግስቲ ኤርትራ ክቐጽዖ”የ! እናበለ ኣብ ዘጉባዕብዓሉ ዘሎ ግዝያት፡ ናይ ሓባር ልፍንታዊ ምድግጋፍን መደብን እዩ።

ከመይሲ፡ እቲ ካብ ልሳን ኣባ መቃርዮስ፡ ዝውርውር ዝነበረ ‘መንፈሳዊ መልእኽቲ’ ንክመስል፡ ብጥቕስታት ቅዱስ ጽሑፋት ዝተጸባበቐ መደረ፡ ግን’ከ ፍጹም መንፈሳዊ መልእኽቲ ዘይብሉ፡ ልበ-ወለዳዊ ክስታትን ጠቐነን፡ ዘይቁጡብ ኣበሃህላን፡ ኣብ ቤት-ክርስትያን፡ ኣብ ቅድሚ ቪድዮ ካሜራ ብዓውታ ዶርጉሖሞ።

ቅድሚ ሕጂ’ውን ከም’ዚ ናይ ሎሚ ግሁድ፡ ካብ ውሽጦም ጉሕጉሕ ኣቢሎም ኣይተናዘዙን ደኣ እምበር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ናይ’ዛ መርበብ ሓበሬታ እዚኣ፡ ማለት እዛ ብተዋህዶ ዳት ኦርግ (tewahdo.org) እትፍለጥ ወግዓዊት መርበብ፡ ናይ’ቲ ንሶም ዝመርሕዎ ጉጅለ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ወግዓዊ ፓትሪያርክ ተዋህዶ ቤተ-ክህነት ኤርትራ፡ ነጺጉን ኾኒኑን፡ መሪሕነቱን ጸግዑን ተኣማምነቱ ምስ ናይ ግብጺ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ተሓነጊሩ ካብ ዝጓዓዙ ጀሚሩ፡ ብዙሕ ዘየሳኒ ሃሳዩ ቢሂላት፡ ከጎሳጉሱ ምጽንሖም እፍለጥ።

መብዝሕቶኹም ነበብቲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት፡ ብምእታው (ወይ ብረድዮ) ትሕዝቶ እቲ ድራማ ሰሚዕክምዎን ተኻታቲልክምዎን ትኾኑ ኢኹም፤ ካብ’ቲ ብምሕርቅምቃም ዝጸቕጥሉ ዝነበሩ ህውተታ፡ ነቲ ኢዶም ዘዋጣውጥሉ ዝነበሩ ኣካልን፡ ሓደ-ሓደ ነጥብታት ሕልፍ-ሕልፍ ብምባል፡ እቲ ዝበልዎ ዝነበሩ ዘረባታት፡ እናደገምና ብምጥቃስ፡ ድሒሩ ድማ ዳህሳስን ርእይቶን ክውሃበሉ እዩ።

ኣብ መድርኽ ድሕሪ ምውጽኦም፡ “ብስም ኣምላኽን ውልዱን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ” ኢሎም ምስ ከፈቱ፡ ኣስዒቦም ብተሪር ቓል፡ ከምዚ ኢሎም እጅምሩ፡ “እዞም መናእሰያት እዚኣቶም፡ ዝኣልዮም ዝሓቑፎም ስለ ዝሰኣኑ፡ እኮ እዮም ንዝሓሸ ናብራን ሂወትን፡ ዝልዓለ ትምህርትን ስልጣነን ከናድዩ ምስተበገሱ፡ ዘይሓሰብዎ መቕዘፍቲ ኣጋጢምዎም ዘሎ” ቀጺሎም ከኣ፡ እዞም ሰባት እዚኦም እኮ፡ ወለዶም ንሓርነት ዝወደቑ ደቂ ስውኣት፡ ወይ ኣካሎም ዝጎደሉ መቕርብ፡ ገሊኦም እውን ኣብ ከተማ ኣብ ግዜ ቃልሲ ብምስጢር ንጸላኢ ዝተቃለሱ ወለዲ፡ ዘለውዎም እዮም፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ናጽነት ምስ ወጻና፡ ብሰላም ክንነብር ተስፋ ኔሩና፡ ሓጂ ግን ዘይተጸበናዮ መኻልፍ ኣጋጢሙና” … አረ ተማህለሉ፡ እቶም ዓቕሚ ዘለኩም፡ ገሌኹም ድማ ንዓለም ኣቤት በሉ”……እናበሉ ኸኣ ጨደሩ፡ ኣብ መንጎ እቲ ዘቕርብዎ ዝነበሩ ክስታት ድማ፡ የእምን እዩ ዝብልዎ ዛንታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮኦም ‘ብሓበን ዝዝክርዎ’፡ ምስ እቲ ጽን ኢሉ ዝሰምዮም ዝነበረ ተሳታፊ፡ ደጋጊሞም ምስላታት እናዳባለቑ ንመደርኦም እመጥዎ ነበሩ። “ግዜ ተላዋዋጣይ እዩ”፡ ብዙሕ ግዜ ደጋጊሞማ፡ ኣብ መንግኡ ድማ “ክፉእ ኣይኮንኩን ንወዲ ኤርትራ ዝትመነ ዘለኹ” ኸኣ ይብሉ። ብሓቑ ግን ክፉእ እትምነዩ ከምዝነበሩ ልቦም እነግሮም ኔሩ። በቲ ኻልእ ወገን ድማ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰማዕቶም፡ ካብ’ቲ ዝብልዎ ዝነበሩ መፋለሲ ዘረባታት፡ እዚ ‘ፈላሲ’ እንታይ’ኮን ሓሲቡልና እዩ ዝብል ውጥረት፡ ከይተዛረቡ ግንከ ካብ ኣዒንቶም እንበብ ከም ዝነበረ ስለ ዘስተብሃሉ። ምኽንያቱ፡ እቲ ሓቂ፡ ሰብ ሽሕ ግዜ ይጋገ እምበር፡ ብዛዕባ መንግስትና ዘባጨ፡ ንናዕቢ ነገር ዝፈትል፡ ስለ ዘይቅበል’ዩ። እቲ ክብልዎ ዝደለዩ ድማ፡ ‘መንግስትና’ ድሕሪ ምልዋጡ ካብ ‘ምጥዓስ’ ሕጂ ኣቓዲምካ ኢድካ ምሃብ፡ ንኽብሉ ኢሎም ዘምጽእዋ፡ ሓንቲ ካብ’ተን ዝጠቐስዋ ኣብነት፤ ከኣ፡ ነቲ ኣብ 1974 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣንጻር ጨቛኒ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ህዝባዊ ምልዕዓል ምስ ተባርዐ፡ ሓንቲ ካብ’ትን ደቂ “ጃንሆይ” ልዕልቲ፡ በቲ ኩነታት ሰጊኣን ተጨኒቓን ዓለም እናራኣየትን እናሰምዐትን ትጠልማ ከም ዘላ ዘስተብሃለት ክትበኪ እንከላ “ሪእየ,ያ” ይብሉ፡ ሽዑ ንኽጻናንዕዋ ኢሎም ዝለገሱላ ምኽሪ፡ “ኣጆኺ፡ ሕጂ ድኣ እሞ እንታይ ይግበር ኮይኑ፡ ኣቐዲምካ እኮ እዩ ጥንቃቐ ክግበር ኔርዎ” ኢሊያ እናበሉ ዕላሎም ይነግሩ። እዚ ዓይነት፡ ተራ ዕላል ወይ ዳእላ ኣይነበረን፡ ኣብ ቅድሚ ኤርትራዊያን፡ ኣብ ፊቶም ጠጠው ኢልካ! ነቲ በቲ እዋን እቲ “ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን” እዩ እናበለ ዘስካሕክሕ ህልቂት ዝፍጽም ዝነበረ ንጉስ፡ ናቱ ኣገልጋሊ ኮይኖም፡ ዕድሚኡን ስርዓቱን ክነውሕ ንእግዚኣቢሔር ዝልምኑን ዝጽልይሉ ዝነበሩ፡ ነዚ ዘየኹርዕ ጽያፍ ኣብ ክንዲ እቕሬታ ዝሓተሉ፡ ክትኮርዕሉ ምፍታን፡ ብድፍረት ብዘይ ሕንከት፡ ቑስሊ ዝጎድእ ቢሂል ክትርኽሎም፡ እሞ ኣብ ዘይስዓቱ፡፡ ሕሰም ዝረኸቡ ዜጋታት ‘ጸሎት’ ክንገብረሎም ኢልካ ዓዲምካዮም ከተብቅዕ፡ ከም’ዚ ዓይነት ዘየድሊ ኣሽካዕላል ክትስንዝር፡ እንታይ ዓይነት ድፍረት’ዩ? ሃይለስላሰ፡ ንኤርትራውያን ጠስሚ ድዩ ለኺዩዎም? ወይስ ነቲ ምስ ነገስታት ዝነበሮም ሕሉፍ ዝና ንክጅሃርሉ፡ ብኡ ኣቢሎም ድማ ንዝኾነ ይኹን ኣካል ከምዘየፈርሑ ንከረጋግጹ ኮነ እሎም ዝጸቐጥሉ ኣበሃህላ እዩ? እቲ ዝኸፍአ ክፋሉ ናይ’ቲ ምስላ ግን፡ ብድዐን ንዕቀትን ናይ’ቶም ሰማዕቲ ጥራይ እዩ ክበሃል ዝከኣል።

ብዛዕባ ምልውዋጥ ግዜ ንኤርትራውያን እንታይ የስግኣና? ግዜ ከም ዝልወጥ ‘ኣባ’ ሎሚ ከዛኻኽሩና ደልዮም? ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ነዊሕን መሪርን ናይ ገድልን ድሕር ድማ ናይ ህነጸት ጉዕዞ ኣበይ ኔሮም? እቲ ጸዋግ ግዜ ተሓሊፉ፡ ሕጂ ካብ ብዛዕባ

“ግዜ ተለዋዋጢ እዩ” እናበልካ ምውርዛይ፡ ግዜኻ ብኽንቱ ዘይምብኻን፡ ንጽቡቕ ስርሓት ክትዓመሉ ምጽዓር፡ ብትምኒትን ምህለላን ጥራይ ዘይኮነ ኸኣ ብግብሪ። ጸሎት ኣይድለን ማለት ዘይኮነ፡ እቲ መጽሓፍ፡ ብርሃጽ ገጽካ ብላዕ እዩ ዝብል። ራሃጽናን ደምናን ኣፍሲስናን፡ ከምኡ ሳላ ዝገበርና ነቲ ግዜ ንልውጦ ኣሎና፡ ንጽባቐና ንግርማና ንሓድነትና ንዕቤትና፡ ንረብሓ ሓፋሽ ህዝቢ ዝውክል ለውጢ፡ ድሮ እውን ጠጥዑ ይጭብጭብ ኣሎ። ከም’ቲ ሕማቕ ፋል ዘይኮነ፡፡

ናብ’ቲ ቅድሚኡ ዝመጻደቕሉ ዝነበሩ ኣበሃህላታት ተመሊስና እንተፈተሽናዮ ኸኣ?

## ጠንቂ ስደትን ተሓታትነትን?

ብዛዕባ ስደት ብሓፈሻ ኣለዒልካ ክትዛረብ እንከለኻ፡ ብዙሕ ዝተፈላለየን ዝተሓላለኸ፡ መግለጽን ትንታኔን፡ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ብፍላይ ድማ እቶም ቀንድን መንቀልትን ናይቲ ሽግር ዝኾኑ ምዕራባውያን ሃገራት፡ ነዚ ሓቂ እዚ ንምሽፋን፡ነቲ ሓቐኛ ናይ ስደት ጠንቅታት፡ ጠምዚዞም በቲ ክስምዓሎምን ክርኣየሎን ዝደልይዎ ዓይነት መገዲ፡ በቲ ዝተራቐቐ ሕዙእ መራኸቢ ናይ ፕሮፓጋንዳ መጽቀጢ፡ ንተሓታትነቶም መኸወልን መህደምን፡ ካብኦም ከርሕቕዎን፡ ኢሎም ዝፍንውዎ ሓሶታት ማእለያ የብሉን።

ሓደ ሓደ ዝነደዩ ባእታታትን ድማ ነዚ ካብ ጎሓፍ ናይ’ዞም በደልትና ዝኣራረይዎ ወረታት ለቓቒሞም፡ ንዕዑ ክደግሙ፡ እቲ ክውን ሓቂ ሓዲጎም ኣብ መሳርዕ ናይ’ዞም ምስሉያት ኣካላት ክቆጻጸዩ ምርኣይ፣ እዞም ፈላሲ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ኣብ ዘምሕር መሳርዕ፡ ተሰሪዖም ምህላዎም ኣብ ናይ ኣትላንታ ዋዜማ ተጋሂዱ።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ስደት ተርእዮ ግን፡ ካብ ናይ ካልእ ፍልይ ዘብሎ፡ ‘ኤርትራዊ ዘርኢ ንምጽናት’፡ ካብ ግዜ ዓደይ-ዓደይ ዝጀመረ ፡ ንልዕሊ ፍረቂ ዘመን ክቐጽል ዝጸንሐ ስደት፣ ካብ ግዜ ሃይለስላሰ ጀሚሩ ኣብ ግዜ ደርጊ ብኣማኢት ኣሽሓት ተዓጻጺፉ፡ ሕጂ ድማ ብዝለዓለን ዝሓየለን መልክዕ ዝድፍኣሉ ዘሎ። ዘራያት ወያነ፡ ንዓሚሎም ሓገዝ እንተኾኖ፡ ኮነ ኢሎም ዝገብርዎ ዘለዉ ወራር እዩ። ንኤርትራና ድማ ሃናጺ ዓቕሚ መንእሰይ ምምካን እተወጠነ እዩ።

እዚ እንተኾይኑ እቲ ሓቒ፡ ቐንዲ ጠንቂ ስደት ናይ’ዞም ዜጋታት መን ምዃኑ ንምርኣይ ዓይንና ክዕምተና ዝኽእል የልቦን።
“ንገረብ ብሓኸላ ዝበሃል ከኣ ከምዚ ምስ ተረኸበ እዩ” እዞም ፈላሲ ኸኣ ነዚ የረጋግጹ። ተሓታቲ ንጎድኒ ሓዲግካ ክትሓልፍ ምፍታን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ዓይኒ-ኣንቁሪ ዝዓይነቱ ክሲ ናብ ካልእ ከተጸግዕዎ ህርድግ ምባሎም።

ንምኳኑ ወግሐ-ጸብሐ ካብ ሚሙቕ ሓብሓቢ ሰድራ-ቤታውን ሃገራውን ሕቘፊ፡ ተመንጢሎም ሃጽ ኢሎም ክጠፍኡ፡ ንዘይተደልየ ሓደጋታት ክቃልዑ፡ ዘጎሳጉስን ዝደፋፍእን ዘደናግርን፡ መስሎኺ መገዲ ዝሕበርን፡ መወናጨፊ ገንዘብ ዝልእኽን ዘሎ መን’ዩ?፡ መን’ዩ ዘይየሎ ምድረ-ገነት ከም ህልዉ ጌሩ፡ ኣእምሮኦም ዘዛናብልን ባዶሽ መብጽዓታት ዘቃልሕን?፡ መን’ዮም ንመንእሰያትና ክጸንቱ፡ ሃገሮም ራሕሪሖም ንዓዲ ጓኖት ክርፍዑን-ክኽድማን፡ ንዓመታት ውራይና ኢሎም

ተታሓሒዞሞ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ኣካላት? ኣጸቢ`ቅና እኮ ንፈልጦም ኢና:፡ ኣየ ኣባ መቃርዮስ፡ ዘረባ ምጥውዋይ ገዲፎም፡ “ሓቒ ተዛረብ ሓቒ ት`ኹን ሳንዳ`ኻ ዝበሃል ዘረባ” እንተዝዝክርዎ ክንደይ ኮነ ምጸበቐ። ኣብ’ቲ ንዜጋታት ን`ኽጠፍኡ ዝግበር ዘሎ ናይ ዝምታ ስርሓት፡ ከምዛ ሓደ ኣበሳ ዘይገበሩ ኮይኖም ክርኣዩ ክፍትኑ፡ ሰብ እ`ኽዕበኒ ኣይበሉን?

## እቲ ሃልሃልታ ሓቒ `ኽ?

ንኤርትራውያን ግን፡ እዘን ወዲእዝን ካብ መገድና ዝኣልየና ኣይኮነን። ነቲ ዕርፊ ኣጽኒዕና ሒዝናዮ ወፍርና ን`ቕጽል፡ ሕድሪ ስዋኣትና ንምትግባር፡ ብልጽግቲ ራህዋ ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽ፡ በቲ ውፉይ መንግስተና እናተኣለናን እናተመራሕናን ክሳብ ዝመረሸና፡ ትማሊ ትእምርቲ ዝሰራሕና፡ ሎሚ ቅያ ከምእንደግም ዘጣራጥር ኣይኮንን፡፡ እንሆ ድማ ድሕሪ እዚ ዝሓለፈ ሓያል ጥምጥም፡ ምስ ኩሉ ዕንቅፋታት፡ ብዘይ ምሕላል ህዝቡ ሓቑፉን ሓብሒቡን ዝምር`ሽ ዘሎ መንግስቲ፡ ሎሚ ኤርትራ፡ “ደሴት ሰላም” ኮይና’ላ፡፡ ሕሰም ተቐ`ንጢጡ፡ ሓራ ካብ ምጽወታን መግቢ ኮይኑ፡ ብሩህ ተስፋ ዘስን`ቕ፡ ዝላ ቑጠባዊ ምዕባለ ዝተጋህደሉ ወ`ቕቲ በጺሕና። እዚ `ኽኣ መርኣያ ናይ’ቶም ምእንቲ ብሩህ ራእይ መጻኢት ሓዳስ ኤርትራ ዝተሰውኡ፡ ጀጋኑ፡ እንተላይ መ`ቕርብ ናይ’ዞም ግዳያት፡ ነዚ ሓድ`ሽ ራህዋ ዝውንኑ እዮም። እዚ እንተ`ኾይኑ እቲ `ቕንኢ እዞም ሰባት፡ `ቕንኢ ሓናቒ እዩ ሞ፡ ምርጭኦም ይግበሩ።
ኣባ `ኽኣ፡ ነታ ቐደም፡ ንሹዱ`ሽተ ዓመት አምብባ ኔረ ዝበልክምዋ፡ ልሳን ሓቒ ዝ`ኾነት ጋዜጣ “ሓዳስ ኤርትራ” ሎሚ እውን ኣላ፡ ተመሊስኩም ትሕዝቶኣ ተወከሱ። ሕጂ እውን እቲ ሓቒ ኣብኣ እዛሪ ኣሎ፡፡

## ብዛዕባ ምሕብሓብ፡

ኣባ መቃርዮስ! ካልእ ክድገመሎም ዝድለ፡ ኣጸቢ`ቓም ዝፍልጥዎ ምስላ ጥንቲ ምርኩስ ብምግባር፡ እንሆ! “ካብ ገጽ ዝገለለስ ካብ ልቢ ገለለ” ዝበሃል ኔሩ፡ ሎሚ ግን፡ ካብ ገጽ ምግላል ዘይኮነስ ካብ ልቢ ምግላል እዩ እቲ ጸገም፡ ከመይሲ፡ ልቦም ሪሒ`ቑ ካልኦት ወሲዶሞ፡ እቲ ዝርአ ነገራት ከኣ እናተራእየ እንከሎ ክትርእይዎ ኣይከኣሉን፡፡ ልቦም ስለ ዝርሓቐ፤ ሎሚ ሰብ ብልቡ እምበር ብዓይኑ ኣይኮነን ዝርኢ፡፡



ኣብ’ዚ እዋን እዚ ኣብ ሃገርና፡ ዓሰርተታት ኣ`ሽሓት መንእሰያት፡ ዝለዓለ ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲን ሞያን ቀሲሞም፡ ኣብ ምህርትን ዕብየትን ሃገር ዓቢ ኣስተዋጽኦ እገብሩ ኣለዉ፡ ብናይመን ሓልዮ? ካሜራ ዓይን`ኺ ይብራህ!

## ምምሕያሽ ናብራ ማለት እንታይ'ዩ? ብግልቡጥ ኣጋልጻ፡

ንምዃኑ'ኸ፡ ካብ'ዞም ኣቐዲሞም ሃገር ንድሕሪት ገዲፎም ብመጋገይቲ ተጋግዮም ንስደት ዘምርሑ ዓበይትን መንእሰያትን ቖልዓ-ሰበይትን፡(ኣንስቲ ሓዳረን ከይተረፋ) ብጥቅሉል ኣዛራርባ፡ "ሓብሓቢ ኣላዪ ሲኢኖም፡ናብራ ከማሓይሹ ራእይ ዝነበሮም" ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረበሉ ዘኽእል ጭብጥታት ኣሎ ድዩ? ኣባ መቃርዮስን ሰዓብቶምን ክምልስዎ ዝግብኦም ከቢድ ሕቶ እዩ።

ሞራሉ ዝቐተለ ሰብ፡ ዓይኒ ሓቂ ደፊኑ፡ ድላዩ ክዛርብ እኽእል እኸውን። ነቲ ጉዳይ ብግቡእ ክግንዘብን ክፍትሽን ንዝደሊ ሰብ ግን፡ ነዞም ስዒቦም ዝዝርዝሩ ነጥብታት ኣቐዲሙ ከበግስ ምተገብአ። እስኪ ንድሕሪት ምልስ ቢልና፡ ካብዞ'ም ኣቐደም ኣቢሎም ሃገር ሓዲጎም ተሰዲዶም ዘለዉ ዜጋታትና፡ ኣብ ሃገርና እንከለዉ ዝነበሮም መነባብሮን ቁጣበዊ ትሕዝቶን ከመይ እመስል ኔሩ ንበል? ሓደ ዓይነት ናብራ ከምዘይነበሮም፡ ንስደት ዝደፋፍኦም እውን ሓደ ዓይነት ዕላማ ኔርዎም ክብሃል ከምዘይከኣል ፍሉጥ'ዩ፡፡ ነዚ ከይፈላለኻ ብድፍኑ፡ ምእንተ ጸለመ፡ ምቅብባል ወረታት ኢልካ ግን ዝብሃልን ዘይብሃልን ዘረባ ምትሕውዋስ ጽያፍ'ዩ፡ ብባህሊ ህዝብና።
 ብዛዕባ እዚ ኩነታት እዚ፡ መንግስትና ምእንቲ ድሕነት ዜጋታቱ ክብል፡ ኣቐዲሙ ብተደጋጋሚ ደቂቕ ዝርዝራውን ሰፊሕን ሓበሬታታት ሂቡ እንድ'ዩ።

እዞም ዘረባ ሸቓቚጦም ዝናበሩ ዘለዉ፡ ብኻልእ መርኣዪ መነጸር ክርእይዎ ኣይደለዩን እምበር፡
ኩነታት እቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣቐድም ኣቢሎም ድሕሪ ነዊሕ ኮለልን ድኻምን ዘርጠብጠብን፡ ኣሽሓት ዶላራት ኣፍሲሶም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣትዮም ዘለዉ ስደተኛታት፡ ከመይ ኣሎ ኩነታት መነባብርኦም? ከም'ቲ ዝተባህለ ወይ ዝነበሮም ሕልሚ፡ ትምህርቶም ዝቐጸሉ ክንደዮም እኾኑ? ኩሎም ድዮም ንዝላዓለ ትምህርቲ ንስደት ኣንቂዶም ከ? (ነጻ ትምህርቲ ንድሕሪት ጠንጢንካ) ከም'ቲ ዝተባህለ ዝልዓለ ምህሮ ዝተማህሩ ክንደይ? መናባብርኦም ዘመዓራረዩ ርህይዎም ብምቾት ዝቕመጡ ኸ? ብፍቕዲ ክንደይ ኮን ይኾኑ?፡ ብሓበር እንዕዘቦ ዘሎና ሓቂ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ዓለማዊ ምንቁልቛል ቁጠባዊ ኩነታት ዘስዓቦ ጸገማት፡ ይትረፍዶ ንስደተኛታት፡ እቶም ነበር'ቲ ደቀባት ናይ'ዘን ዘለናየን ሃገራት፡ ኣብ ምንታይ ኩነታት ግዲ እዩ ዘሎ ንሪኦ ዶ ኣየሎናን? ነዞም ስደተኛታት፡ እቲ ሕሰም ዝተዓጻጸፈ ምዃኑ ዘየጠራጥር፡ ሓቂ ክደፍን ዝደለየ እንተዘይኮይኑ? ክንደይ'ዮም ብጣዕሳ ዘማርሩ፡ "ስደት ከምዚ ኣይመሰለን ኔሩ ዝበሉ ኸ" ክንደይ ንፈልጥ? ኣብ'ዚ ንዝርዝር ኩነታት ስደተኛታት ንምግላጽ ስለ ዘይኮነ እቲ መበገሲ ነጥቢ፡ ንኽሕሰበሉ ብዝብለ መንፈስ ጥራይ እዩ እዚ ሕቶታት ዝነቅል ዘሎ እምበር ክጥቀስ ዝኽእል ሕቶን ዝርዝራትን ኣዝዩ ብዙሕ ምሃለወ።

ነዚ ወግሐ-ጸብሐ ሃይማኖት ጉልባብ ጌሮም ዘኳማስዕዎ ዘለዉ ኣካላት እውን፡ ንእግረ መገድና ኣስተብህሎ ክንግበረሎም ዘለዎም ባእታታት ኣለዉ፡ (ቅድሚ ሕጂ ኣየስተባሃልናሎምን ንምባል ከየስምዕ) ማለት እዞም መዋስእቲ ኣባ መቃርዮስ፡

ማለት ብዓል ‘ቐሺ’ ገብረሚካኤል፡ ነባርነቱ ኣብ ከተማ ኣትላንታን ምስኡ ወጊኖም ዘለዉን ተሓባበርቶምን፡ ሕልሞም፡ ስደተኛታት ክበዝሕሎም ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ክዳኽም፡ ወጅሁ ክብረዝ ዝሰርሑን፡ ከይደቀሱ ላዕልን ታሕትን ዘውደኸድኹ ዘለዎ እዮም። ንምንታይሲ፡ እቲ ዝሓልምዎ ዘይመንፈሳዊ ሕልሚ፡ ብዙሓት ምእመናን ንስደት እንተድኣ ዊሒዞምሎም፡ ቤተ-ክርስትያናት ማዕሪኡ ክራባሓ፡ ንዓታቶም ዝያዳ ስራሕ ዝያዳ መኽሰብ፡ ጌሮም ዝውስድዎ መደብ፡ ብኡ መጠን ድማ ናብርኦምን ብዘተኣማምን መገዲ ከደልድሉ፡ ብዘይ ስክፍታ ሓዳሮም ክመርሑን ደቆም ከምህሩን፡ ነቶም ኣብ ሃገር መንፈሳዊ ትምህርቲ ዝከታተሉን ዝምልመሉን ዘለዉ መንእሰያት ድማ፡ ክፉት ናይ ‘ስራሕ ዕደል’ አሎ እናበሉ ንኸጋግዩ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ምኳኑ ኣየጠራጥርን። እዚ ኩሉ ዝግበር ዘሎ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ፡ ንመንቀሳቐሲኦም ዝጥቀምሉ ባጀት ካበይ እንተ ተባህለ ኸ?፡ ሓደ ካብ’ቲ ምንጭታት ወይ ባንክ፡ እቲ ዘይሓልይሉ ጁባታት ኤርትራውያን ዜጋታት’ዩ። (ብጀካ እቲ ግብጻውያን ዝወሃቦም ሓገዛት) ረሃጽን ድኻምን ምእመናን ንዓታቶም እንታዮም ኣይኮነን። እቲ ኣብ ስደት መን ጥዒምዎ ዝብል ዝነበረ ሕቶ ድማ፡ ንሳቶም ሃጢሮምሉ ኣለዉ። ኣብ ክሳውዶም ዘሎ ኣዋርቕን መኻይንን ድማ  ባዕሉ ይዛረብ።
መዓልቲ መጸ፡ ቤተ-ክርስትያናት ክበቑላ፡ ዜጋታት ንመግዝኢ ገዛውትን መጸገንን ኤለክትሪክ ማይ ወዘተ…ገንዘብ ከዋጽኡ፡ ንካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ክሕተቱ፡ ምእመናን ኣብ ሓደ ጸኒሖም ናብ’ቲ ካልእ ሓድሽ ቦታ ተገዚያም ክከላበቱ፡ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። እሞ ኸኣ ኣማኒ ናይ ሓደ ተዋህዶ ቤተ-ርስትያን፡ ደቂ ሓንቲ ሃገርን። ንምንታይ?

## ኣብ ኤርትራ መን ስራሕ ተሳኢኑ ኢሉ ይዛረብ?

ናብ ኣባ መቃርዮስ ክንምለስ፡ ነዞም ንስደት ከምርሑ ሂይወቶም ዝሰኣኑ ዜጋታትና፡ ኣቐዲሞም ስራሕ ዝቐረብሎም (ዝሓዝእሎም) እዮም ዝመስሉ “ስራሕ ሲኢኖም” ኢሎም ከደናግሩ ክትሰምዕ ከለኻ፤ እዞም ስደተኛታት ኩሎም ዓቢኦም ንእሽትኦም ድዮም ስራሕ ሲኢኖም? ዋላ’ቶም ኣብ ሕቑፊ ዝነበሩ ሕጻናት? ዋላ እቶም ብዕድመ ዝደፍኡ? እንታይ ዓይነት ጥበብን ትምህርትን ዝቐሰሙ እዮም ከ ኔሮም? ንምኳኑ እንታይ ዓይነት ግልቡጥ ኣበሃህላ እዩ እቲ ኣቃራርባ? ዕሮት ልቢ ድኣ ኾይኑ እምበር፡ ቀለም ዝጸገቡ ‘ምሁር ፈላስፉ’፤ ኣብ ሃገርና ድኣ ሎሚ፡ ሳላ መንግስትና፡ ኣብ’ተን ብሃብተን ዝንየታ ሃገራት ዘይተኣታተወ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ኣጉላዕሊዑ ኣስፋሕፊሑ፡ ዓሰርታታት ኣሽሓት ዘሳትፍ፡ ነጻ ምግብናን፡ መዳቕሶን፡ መምሃሪ መጻሕፍቲ፡ መማህራን ብናይ ወጻኢ ባጤራ ዝኸፈሉ ወጻእተኛታት ኣምጺኡ፡ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ አምህር ምህላዉ፡ ንምንታይ ተሓቢኡ። ከም ውጽኢቱ ናቱ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ዝዕመም ዘሎ ዓቢ ሃገራዊ ወፍሪ፡ ዘሰላስሉ ዘለዉ ወረስቲ ሕድሪ መንእሰያትና ኣይተረጋገጸን ድዩ? ወይስ ምስ’ቶም ንውጽኢት እዚ ወፍሪ ዘይተፈተዎም ወገናት መስርዕ ሒዝካ፡ ዋጭዋጭ ክትብል ስለ እተመርጸ እዩ? እምበር ስራሕ ንዝደሊ፡ እዚ ኣብ ፍቖዶ ሃገርና ተኸዚኑ ዘሎ ማይን ተደላዲሉ ዘሎ ሰፊሕ መሬትን፡ ዝሓርሶን ዘፍርየሉን፡ ዜጋ እዩ ዝዕድም ዘሎ።



ሓደ ካብ'ቲ ሓድሽ ዝተኣታተወ ዘበናዊ ሕርሻ፡ ሃገርና!

## ወርቂ፡ እንታይ ንምባልዩ?

ንጸጋታት ዕደና ወርቂ ኣመልኪቶም፡ወታእታእ እናበሉ፡ ክልተ ነገራት ተዛሪቦም፡ “ሃገር ንውግእ ጥራይ ዘይኮነ ንህንጸት መንእሰያት እኳ የድልይዋ እዮም” ማዕድን ምስ ተሓፍሰ ድማ ንመን ረብሓ ከም ዝውዕል ዘይሻ'ቕል ሕቶ፡ ‘ዝሻቐሎም’ እምስሉ፡ እቲ ኣመት ዘረባ ግን ንሱ ኣይነበረን፣ ስክፍትኦም ጥርጣኦምን መበገሲኡ ኣይገለጹን፡ እቲ ቐልዒ ነገር ግን እቲ ዝደርበይዎ ዘረባ፡ ገለ ገርህኛታት እንተ ረኸቡ፡ ወርቂ ከም መወናወኒ መዝሚዝካ ኣብ ሰንፈላል ክሕምብሱ ዘየሎ ሃጓፍ ንምፍጣር ምንባሩ ዝስሓት ኣይኮነን። ቅድሚ ሕጂ ብሰበ-ስልጣን ጭፍራ ወያነ ዝተደርፈ ደርፊ፡ ኣባ መቃርዮስ ብጣዕመ-ዜምኦም ደጊሞሞ፡ እቲ መዝሙር ብሓባር ዝተደርሰን ዘዝተወሃሃደ ናይ ሓባር ዋንነት ዘለዎ ደርፊ። እንተ'ኾነ እውን ዘገርም ኣይነበረን፡፡ ም'ኽንያቱ ንኩሉ ዕግርግር እሕግዝና እዩ ዝተባህለ ተቐባልነት ይሃልዎ ኣይሃልዎ፡ ኣሎ ዝበሃል ግዓ-ገልጠም ክኣራርዩ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘስርሐ ሜላ እዩ ተባሂሉ ዝተቐድሐ ብሉይ ፎርሙላ፡ ኣብ ኤርትራ ምስርሑን ዘይምስርሑን ክይመርመርካ፡ ከተ.ጋጊ ምፍታን፡ ብዛዕባ ፍሉይ ጠባይን ብልሕን ህዝቢ ኤርትራ ዘይምፍላጥ ጥራይ እዩ ክብሃል ዝከኣል።

ኣብ ዓለምና፡ ብሰንኪ ዘይተመቓርሐ ኣተዓዳድላ ባህርያዊ ጸጋታት ዝተራእዩ ናዕብታት፡ ኣባና ከይድገም ኣሰካፊ ኢሎም ዝሻቐሉ ግሩሃት እንተሃልዮም ድማ በዚ ኣጋጣሚ፡ ንሕና ኤርትራውያን፡ ካልኦት ቅድሜና ዝነበሩ ዝተ'ኸተልዎ ጌጋ ክንደግም ዘይኮነ ባህግና፡ ናትና ፍሉይ ባህርን ኣመጻጽኣን ዘሎና ህዝቢ ኢና። ም'ቕዳሕ ዘድሊ እንዝ'ኸውን እውን፡ ጽቡ'ቕ ሜላ ድኣ ምቐዳሕና እምበር ዝወደ'ቕስ ኣይምመረጽናን።

## ኣገዳስነት ጉለበት፡

ብዛዕባ ጉልበትን ኣገዳስነቱን ክዝረብ እንተኾይኑ፡ ኣብ'ዛ ፕላነት ካብ ዘለዉ ኣህዛብ፡ ንሕና ዝያዳ ንፈልጥ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ብጭቡጥ ብግብሪ ዝረኣናዮ ንልዕሊ ፍረቂ ዘመን እናተቐባበለ ክሳብ እዚ ዘለናዮ መዋእል ዘሰጋገረ፡ ሳላ ንቑሕ ጸዋር መንእሰይ፡ ዝተፈጸመ ታሪኻዊ ጅግንነተ ህያው ምስክር ኣሎ። ስለ ዝኾነ እዚ ኣብ ኤርትራ ሩፍታ ፈጢሩ ዘሎ ዘተኣማምን ለውጢ፡ ውሕስ ሰላም፡ ብማእገር እዚ ዓርሞሸሻዊ ሓይሊ ውሉድ ናይ'ዚ እዚ ሓርበኛ ህዝቢ እዩ። ካብ ዝንጥል ኣቢልካ "ንውግእ" ምባል ጥራይ፡ ግን ንምክልኻል ልእላውነት ሃገር እንተዝብሉ መማዕረገሎም ኔሩ።

ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ ንመንእሰያትና ንህውከትን ንዕግርግርን ዝህንጠይሎም፡ ዘለዉ ኣካላት መን ምኻኖም፡ ኣባ መቃርዮስ ኣጸቢቕኩም እፈልጡ፡ ኣብ'ቲ ጻውዒቶም ጠቒስምዎ ከም ዘለዉ፡ ንምዝኽኻር፡ ... "ኣቱም ዓቕሚ ዘለኩም ገለ ግበሩ ፡ እቶም ገለ ኸኣ ንዓለም ንገሩ" ምባሎም እንታይ ግዲ እዩ ዘስምዕ?

ምብራስ ኤርትራውያን ዘሻቕሎ ዜጋ፡ መንእሰያትና ሰላማዊት ቤቶምን ሃገሮምን ሓዲጎም ናብ ዓዲ ጓናን ዕግርግርን ክስደዱ ክጠፍኡ ክዋረዱ ምድፍፋእን ምትብባዕን ኣይምተገብአን።

## ትጽቢት ሰላም፡

ብዛዕባ እቲ "ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝነበረና ትጽቢት፡ ብሰላም ክንነብር እዩ ባህግና ኔሩ" ዝብል፤ ሕጂ ግን ዘይተጸበናዮ ኣጓኒፉና' ክብሉ ምሰማዕ መስደምም እዩ ኢልካ ምተሓልፈ። ንምኳኑ ኣባ መቃርዮስ መዓስን ክንደይን እዋን እዮም ተቓሊሶም ወይ ኣቃሊሶም? ኣብ ምምጻእ ናጽነት ከም'ዚ ዓይነት ባህጊ ክህልወካ እኮ ኣብ መሳርዕ እቲ ንናጽነት ዘምጽአ ሰልፊ ኢድካ ክትጽንበር ከሎኻ ጥራይ እዩ፡ ክኸውን ኔርዎ፡ ንምኳኑ፤ንሕና ንፈልጦ፡ ድሕሪ ሃገራዊ ናጽነት፡ ንሃገር (ንኤርትራ) በታ ቐዳመይቲ ነፋሪት ተጓይዮም ከም ዝኣተዉ'ዩ፡ ጽቡቕ ከኣ። ምእታው ግን ኣኻሊ ኣይነበረን፡ እቲ ድሕሪኡ ዝነበረ ቃልሲ ከቢድን ሓያልን እዩ ኔሩ። ነቲ ብመግዛእቲ ዓንዩ ዝነበረ ሓደ ኣገዳሲ መንፈሳዊ ትካል፡ ክህነጽ ሰናይ ተበግሶ ናይ ኩሎም መራሕቲ ሃይማኖት ክሻመውሉ እንከለዉ፡ 'ኣባ' ግን፤ ኣብ'ተን ዝጸንሑለን 6 ዓመታት ዘመዝገብዎ ኣስተዋጽኦ እንተኔሩ፤ ኣብ ውሽጢ እቶም ምእመናን ካህናትን ኣብ ነንሕድሕዶም ዝፈጠርዎ ዕግርግር ምፍላስን እምበር...እንታይ ኣሎ ካልእ?፡ እቲ ደብተር ሓቂ እንተዝግንጸል ዝርዝሩ እንተዝብርበር፡ እንታይ ምተነበ? ቤተ-ክርስትያን ልቢ ኣዕብዩ ስቕ እንተበለ፡ ዝብሎ ስለ ዘይብሉ ኣይኮነን፡፡ ድሓን ንታሪኽ ንሕደጎ።

ሰላም ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዶ የሎን ንዝበልዎ ግን? ብተዛማዲ ክርአ ከሎ ኤርትራ ኣብ ዘተኣማምን ርግኣትን ሰላምን ኣላ፡ ብጀካ እቲ ንሰላምና ንምዝራግ ዝተገብረ ፈተነታት። ህዝብና ኸኣ ብሰላምን ቅሳነትን ይነብር ምህላውን ዘይምህላውን፡ ሰላም ማለት ዕግርግር፡ ዕግርግር ማለት ድማ ሰላም እንተኾይኑ ዝርድኦም ዘሎ ምስ ውሽጦም ይመራመሩ። ዋላ ዝገላበጡ ይገላብጥዎ፡ ኣብ ኤርትራ ግን ሰላም ማለት ሰላም እዩ፡፡ ነቲ ብሳላ ስውኣትና ዝተጓናጸፍናዮ ጸጋ ድማ ክንዕቅቦ ኩሉ ግዜ ቅሩባት ኢና።

## ካብዚ ቐጺልና ግን፡ እስኪ ኣብ ሰማንያታት ንመለስ፡ ምእንቲ እዚ ናይ ሎሚ ተግባራቶም ብዝያዳ ክንፍትሽ፡

ዝኾነ ነገር ብላዕለ-ላዕሊ ጥራይ ጠሚትካ ዝተማልአ ስእሊ ክትረክብ ስለ ዘይክእል፡ ብኹሉ መዳያት ኣስተብሂልካ ምርኣዩ ስለ ዝግባእ ምእንቲ ቅኑዕ ግንዛበ፡ ሕጽር ዝበለ ኣመጻጽኣን ጸገም እዞም 'ኣባ' ማለት ኣባ መቃርዮስ ንርኣዮ። ኣብ'ዛ ሃገር ጸገም ስለ ዘሎ፡ እሞ ብተገዳስነት ነቲ ኣሎ ዝብልዎ 'ሽግር'፡ መፍትሒ ንምንዳይ ኢሎም ኣይኮኑን ሓርጎጽጎጽ ዝብሉ ዘለዉ፡፡ እቲ ጸገም ካልእ እዩ፡ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ መበገሲታት ከኣ ከፋፊልካ ክርአ ይካኣል፡፡ እቲ ሓደ ክፋል፡ እቲ ባዕላዊ ውሽጣዊ ኩነተ-ኣእምሮ ዝወለዶ መንፈሳዊ ረብሻ ዝሕመረቱ፡ ምስ ሕሉፍ ታሪኻዊ ሂይወቶም ዝተኣሳሰረ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዘማዕበልዎ ጠባይ፡ ምስ ሕሉፍ ናይ ስራሕ ዝምድናታትን ተመክሮን ዝተጣበቐ ካብኡ ዘጥረይዎ ባህሊን ኣተሓሳስባን ዝመበገሲኡ። እቲ ካልኣይ ድማ እዚ ሕጂ ኣዕቚብዎም ዘሎ 'ገዳም' እቶም ብድሕሪ እቲ ገዳም ተሰሪዖም ዘለዉ ሓይታትን፡ እቲ ንሳቶም ኣብ ልዕሊ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ሰዓብቱን ንምንጻል ጀሚሮሞ ዝጸንሑ ናይ ዘይተደልየ ተግባራት፡ ንሶም ብውልቂ ተዋሂብዎም ዘሎ ተልእኾን፡ (Mission)::

እቲ ሳልሳይ ክፋል ድማ፡ እቲ ክቱር ድሌት፡ 'ድሌት' ናይ ዝለዓለ መንፈሳዊ መራሒ ናይ ምዃን ዘንቀሎ ቅልውላው፡ ምስቲ ሓደገኛ ናይ ኣንነት 'ብትምህርቲ በቃ ዘበልኩ' ካብ ዝብል ትምክሕቲ ዝነቐለ፡ ኩሉ ንዓይ ኣነ ጥራይ.....ካብ ዝብል ኣተሓሳስባታትን ካልእን ደማሚርካ ምስ ዝርአ ጥራይ እዩ ኸኣ እቲ ዝድለ ስእሊ ክንጸር ዝከኣል።

## መጀመርታ ፈተነ፡

እዝን-ወድዝን ዝመበገሲኡ ባህልን ኣታሓሳስባን ናይ ስራሕ ተመክሮን ሒዞም እዮም እምብኣር፡ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ምስ ዘይፈልጥዎ ባህልን ልምድን ዘለዎ (ተቐማጣይ ዋሽንግቶን ዲሲ) ግን ከኣ ዝፈልጥዎ ዝመስሎም ህዝቢ፡ ክዋስኡ ዝፈተኑ።

እዚ ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲ ዝጀመረ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ኣመሪካ ዝጸለወ፡ ክሳብ ሕጂ መልክዕ እናቐያየረ ዝቐጽል ዘሎ ምንቅስቓስን ተመክሮኦምን እምበኣር-ኣነቓቕልኡ ንርአ። ቅድሚ ኣብ ናይ ኤርትራውያን ኮሚዩኒቲ ምጽንባሮም ምስ ኢትዮጵያውያንን ግብጻውያን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ይህቡ ምንባሮም ንፈልጥ።

- ምስ ግብጻውያን ንሓደ ፍርቂ ዘመን ዝኸውን ዘዕቚብዎም፡ መንፈሳዊ ማዓርግ ዘልበስዎም ገበርቲ ጽብቐም ንበል፡፡
- ምስ ኢትዮጵያውያን እውን፡ ኩላትና ከም እንፈልጦ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ዝምድና፡ ካብ ገዳም ደብረ ቢዘን ናብ ትግራይ ምስ ገዓዙ፡ ንኣዲስ ኣበባ ክሳብ ግብጽን እስራኤልን ዝኸደ ነዊሕ ዛንታ ኣለዎም። (እቲ ዝበልናዮ ሓንፈጻዊ ባህልን ኣታሓሳሰባን) ነዚ ካብ ዘውዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ

ዝወረስዎ ባህሊ፡ ሜላ ፈላሊኻ ግዛእን ኣዳኽምን ድማ ኣብ ልዕሊ ምእመናን ኤርትራውያን ደጋጊሞሞ ዝተጠቕምሉን ዝጥቀምሉ ዘለውን፡ ጸናሒ ኣመል እዩ።

- ቅድሚ ምሉእ ብምልኡ ንኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያውያን ንበይኖም ፈልዮም መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህቡ ምጅማሮም፡ (እዚ ተበግሶ ክውስዱ፡ ኤርትራወያን ብሜላ፡ ዘተባብዕዎም ድኣ እምበር፡ ባዕሎም ዝወሰድዎ ተበግሶ እውን ኣይነበረን) እምብኣር፡ እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ምስ ኤርትራውያን ክሰርሑ ዝተበገስሉ መንገዲ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘጋጥም ዝነበረ ዘይቕድውን ዘይልዝቡን ኣተሓሕዛ ሓደ ካብ'ቲ ጸገማት እዚ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝኣልይዎ ዝነበሩ ምእመናን ንነዊሕ ከይከዱ ኣብዘይተደልየ ምትህልላኽን ግርጭትን ተሸሚሞም። ብቑዕን ብሱልን መራሒ ኣይነበሩን፡ ነዚ ሕጂ ዝመጻደቕሉ ዘለዉ ናይ ጨለታት ዘለፋ ድማ እዚ ዝተረስዐ፡ እንተ መስሎም? ነቲ ኩነታት ብደቂቕ ክዝርዝሩን ክዝክሩን ዝኽእሉ ዜጋታት እውን ብህይወቶም ኣለዉ። (ኣብ ታሕቲ ነዚ ዝምስክር ጭብጢ ጸኒሕና ክንርኢ ኢና) እቲ ሽዑ ተራእዩ ዝነበረ ምትሕቝቓፍ ምእመናን፡ ኣብ ምሉእ ኣመሪካ ኣብነታዊ ዝኾነ ምስረታ ቤተ-ክርስትያን እንዳ ቅድስቲ ስላሴ (ንመጀመርታ ግዜ) ብምድፍናቕ ብዙሓት እዝክርዎ እዮም። ከም'ቲ ዝተባህለ ግን ብሰንኮም እቲ ምዉቕ ምትሕቑቛፍ ኣይቀጸለን ተቖጽዩ ኸኣ። ምፍላም ናይ ምፍላስ ብኸምዚ እዩ ጀሚሩ።

ንኸእረም፡ ምኽርን ምዕዶን ለባማት እተዳምጽ እዝኒ ኣይተዓደሉን፡ (ሕጂ መዓድን መኻርን ክመስሉ ክፍትኑ?) ሕቶታት ምእመናን ምርጋጽ፡ ካብ ኣንነትን፡ ኣነ እፈልጥን ካብ ዝብል ምልኪ “ቐሺ ሴፍ ክኸውን” ኣለዎ ካብ እትብል ኣረኣእያኦም፡ “ዝበልክኹም ግበሩ” ዝብል ድርቅናን፡ ተሓዋዊሱ ድማ፡ ነቲ ሰዓቢ ክገማምዑ፡ ንሓሳቦም ዘይተማእዘዘ፡ ድማ ዝተፈላለየ ስምን ጠቐነን ዘለፋን ጌሮም ሞራል ብዙሓት ዝረመሱ፡ ‘ነብይ’ ከም ዝነበሩ ናይ ትማሊ ታሪኽ'ዩ።
እቲ ሽዑ ዘተኣታተውዎ ሕማቕ ናይ ምግምማዕ ንፋስ ድማ፡ ሰለሎ ናቱ ክሳብ ሕጂ ኣይወጸን፡ መጀመርታ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ፡ ሲዒቡ ናብ ሰላስተ፡ ድሒሩ ድማ ናብ ኣርባዕተ ቤተ-ክርስትያናት ተጋዛዚያም። ገሊኡ ምስ ሃገር፡ ገሊኡ ጸግዑ ምስ ግብጺ። ብቕንዕና ክርአ እንከሎ ብሰላም ምስ'ቲ ብዝሒ ምእመናን ኣብያተ-ክርስትያን ምብዝሑ ጸገም ኣይምነበረን ክብሃል ይክኣል ይኸውን፡ እቲ ጽቡቕ መንፈሳዊ ምትሕልላይ እንተዝህሉ፡ ምስኡ እውን እቲ ሃገራዊ ዝምድናታት ዝጸሉ ኔሩ እንተዝኸውን ኣይመሰከፈን። እቲ ነገር ግን ከምኡ ስለ ዘይኮነ እዩ፡፡ ከም'ቲ ናይ ኣርባዓታት ሃይማኖት ከም መሳርሒ ፖለቲካ።
ብዓቢኡ ድማ ምስ ሃገር፡ ኣብ ሃገር ምስ መሰርሕትኻ ተቓዲኽ ዘይምስራሕ፡ እቲ መበገሲ ዝኾኖም ክቱር ድሌየቶም ስለዘይሰመረ፡ ነታ ሃገር እምኒ ደርቢዮምላ ናብ'ቲ ዝነበረዎ ‘ገዳም’ ተመሊሶም፡ እዚ ድማ፡ ነታ ሓደ እዋን ምሰ ኤርትራውያን ዘቃደወቶም ብሂል ናይ 1987፡ “ኣነ ቅድሚ ክርስትያን ኮይነ ምፍጣረይ፡ኤርትራዊ ኮየነ እየ ተወሊደ” ዝበልዋ ዕርቡን ዘረባ፡ ደርብዮም ዜጋ ኣልቦ ምኺን መሪጾም።

## ዝኸርታት እተበደሉ ምእመናን፡

ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ከም ዝነበረ፡ ዝወግኤ እንተረስዐ'ስ ዝተወግአ ኣይርስዕን እንድዩ፦ እቲ መውጋእቲ ዘይረስዑ ኽ እንታይ እብሉን እገብሩን ኣለዉ?-

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት 2009፡ ነቲ ብሕብእብእ ኣብ ገዳም ግብጻውያን፡ ብሓሙሽተ-ሹዱሽተ ዝኾኑ 'ኣቕሽሽቲ' ምስ ኣባ ሾኖዳ፡ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ግብጺ ዝተገብረ ኣኼባ፡ ኣባ መቃርዮስ 'ላዕለዋይ ኣቡን ኤርትራውያን ኣብ ሰሜን ኣመሪካ' (ነተን ንሳቶም ዘማሕድርወን ቤተ-ክርስትያናት) ንክኾኑ ዘቕረብዎ ጠለብ መሰረት፡ ቅቡል ኮይኑ፡ ምስ ተረኽበ፡ ወግዓውነቱ ንምልባስ ናብ ኩለን ቤተ-ክርስትያናት ደብዳበ ተጻሒፉ፡ ኣባ መቃርዮስ ናብ'ዘን ከተማታትን ዘለዉ ሰዓብቲ ቤተ-ክርስትያናት ክላለዩ መደብ ወጺኡ፡ ስርሖም ክጅምሩ ምንቅስቓስ ምስ ተጀመረ፡ ምእመናን ናይ'ተን ወጻኢ ካብ ዋሽንግቶን ዲሲ ዝቕመጡ ግን ኣቐዲሞም ስለ ዘይፈልጥዎምት፡ ንሓድሽ ስልጣኖም ብዘይ ብዙሕ ጸገም ተቐቢሎምዎም፡፡ ኣብ ዋሽንገቶን ዲሲ ግን ሰዓብቲ እንዳ ቅዱስ መድሃንየ ኣለም ቤተ-ክርስትያን፡ ነዚ መርድእ ምስ ሰምዑ፡ ዘርኣይዎ ነድርን ሕርቃንን፡ ደጊምካ ምዝካሩ ዘሰክፍ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ኣብኡ ጸሎት ዝከታተሉ ምእመናን፡እቲ ናይ ሰማንያታት ተመክሮ ኣብ ልዕሊኦም ዝወረደ ግፍዒ ብኣባ መቃርዮስ፡ ገና ስንብራቱ ስለ ዘይሃሰሰን ዘይረስዑን። እቲ ሕጂ 'ንኣባ" ከም ዝለዓለ መንፈሳዊ መራሒ ምቕባልን ዘይምቕባልን እውን ዘይተመለሰ ፍዙፍ ሕቶ ኮይኑ ኣብ ከብሒ ተዓሽጉ ኣሎ። ንኣባ መቃርዮስ ኣብ'ቲ ቤተ-ክርስትያኖም ክቕበልዎም ኣይመረጹን። እቶም ኣብኡ ኣገልግሎት ዝህቡ ዘለዉ ቐሽሽቲ 'ኣቕሽሽቲ' ድማ ብጉርሒን ሽፈጥን ሒዞሞ ኣለዉ ነቲ ጉዳይ፡፡ ሕቶ ኣይተመለሰን ምእመናን ሃገሮም እናተዘልፈት፡ ጅሆ ናይ ሃይማኖት ኮይኖም ኣለዉ። ነቲ ንምእመናን ከይተወከሱ ከየማኸሩ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ድማ፡ ከምኡ ተሸፋፊኑን ተኸዚኑን ኣሎ።
እዚን ካልእን ዘርዚርካ ዝውዳእ ዛንታ ኣይኮነን፡ እዚ ቑንጣሮ ዉሑድ ካብ ብዙሕ ዛንታ፡ ድሕረ-ባይታ ናይ'ዞም 'ኣባ' ኣብ ከመይ ኩነታትን መዓስን ከም ዝጀመረ ተወሳኺ መርኣያ ክኸውን ካብ ምባል እዩ እምበር፡ ነዚ ኣዳቒቕም ዝፈልጡ ኣብ ውሽጢ እቲ ኩነታት፡ ብሽምግልናን ካልእ ዝተፈላለየ ሓላፍነት ወሲዶም፡ ምእንቲ ኤርትራዊ መንፈሳዊ ተልእኾ ተራ ዝተጻወቱን፡ ዝጻወቱን ዘለዉ ፡ ዝነዊሐ ዛንታ ከምዘለዎም፡ ንመጻኢ ፍልጠቶም ከካፍሉ፡ ንሰምዕ ንኸውን። ተመክሮኦምን ዝኽርታቶምን ንኻልኦት ከካፍሉ ድማ ብትሕትና እዕደሙ።

እምብኣርከስ፡ ነዚ ሒዞምዎ ዘለዉ ጥፍኣት፡ ኣብ'ዚ ጠጠው ከምዘይብል ፍሉጥ ኮይኑ፡ ኣእዳው ብዙሓት ኣካላት እውን እተሓወሶ እዩ። ነዚ ኣብ ስደት ዘሎ ዜጋ ብዝተፈላለየ ሃይማኖታዊ ጉልባብ ስሚዒቱ እናመዝመዝካ፡ ንምእመናን ከዳኸሙ ንከፋልሱን ወጠምጠም ዝብሉ ዘለዉ ፈለስትን ኣቕሽትን መሰል፡ ንተግባራቶምን ውዲታቶምን ብኣትኩሮ ንከታተል።

ቅደሚ መደምደምታ-ግን ቫቲካን እንታይ ኢሉ ንርአ?
ቫቲካን 'ጸሎት ፍትሓት' ክግበር እውን፡ ሓደ ሰርኩላር ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዉ ኣመንቲ ካቶሊኻዊት ቤተ-ክርስትያን ንዝኾኑ ኤርትራውያን ኣመሓላሊፉ ነሩ፡ ጸሎት ምግባር ብእወታዊ መንፈስ ዝርአ ኮይኑ ዝተባባዕ እዩ፡ ኣይጽላእን ድማ። እቲ ዘገርም ክፋል ናይ'ቲ ነገራት ግን፡ ቫቲካን ንካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ምሉእ ምምሕዳር ወሲዳ ንኽይትንቀሳቐስ ደገፎም ምንፋጎም እፍለጥ (ብፍላይ ኣብ ከባቢ ዋሽንግቶን ዲሲ) በዚ ምኽንያት ምስ ኢትዮጵያዊ ቐሺ ሓቢሮም ክጽልዩ ክጸቅጥ ጸኒሑን ኣሎ። ምእመናን ተጸጊሞም ኣለዉ። ምስ'ዚ

ስዒቡ ክበሃል ዝደሊ ድማ፡ ካብ’ቶም ኣብ ባሕሪ ሂወቶም ዝሰኣኑ እቶም 200 ዜጋታትና ምእመናን ካቶሊኻዊት ቤተ-ክርስትያን ምንባሮም ኣቐዲሙ እፈልጥ ምንባሩ እዩ፡ ኣስማቶምን ዕድሚኦምን ጸታዊ መበቖሎም ኩሉ ደቂቕ ሓበሬታ ካበይ ረኺብዎ፡ ቫቲካን፡ እንታይ ኢድ ኔርዎ? ከመይ ኢሉ እዚ ዝተዳቐቐ ሓበሬታ ክህልዎ ኪኢሉ፡ ዘተሓሳስብ ጉዳይ እዩ።
ኣየ! ማእከላይ ባሕሪ እቲ ኣብ ማዓሙቕ ከርሱ ተኸዚኑ ዘሎ ምስጢር እንተዝዛረቦ’ስ፡ ክንደይ ጉድ ኮን ምተቐልዐ ኔሩ?

የቐንየለይ ንሎሚ በዚ፡ ካብ’ቲ ብዙሕ፡ ውሑድ ሓቅታት ቁንጥ-ቁንጥር ኣቢለ ዝፈልጦ ከካፍል ፈቲነ ኣለኹ፡ በቲ ኻልእ ድማ ነቲ ዘይቅኑዕ ጎዳኢ፡ ኤርትራዊ ሓድነት ዝብርዝ ዘይመንፈሳዊ ስርሓት፡ ተቓውመይ የመዝግብ።
ርሑስ ቅነ ናጽነት።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ፡ ነቶም ምእንቲ ፍትሕን ርትዕን ዝወደቑ!
ዓወት ንሓፋሽ!
ተወልደ ካብ ከባቢ ዋሽንግቶን ዲሲ።